King County

# ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19)

## ቀንዲ ነጥቢታት

ክታበት ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) ብምሕደራ ፈደራል መግብን ድራግን (FDA) ንህጹጽ ኣገልግሎት ጸዲቑ’ሎ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2020 ኣብ ክፍለ-ግዝኣት ዋሽንግተን ምብጻሕ ክጅምር ኢዩ። ብዙሕ ክታበታት ኣብ ምምዕባል ይርከቡ: ከምኡ’ውን ሓያሎ ኣብ ዓሰርተታት ኣሽሓት ወለንተኛታት ድሕነቶምን ዕዉታት ምዃኖምን ንምርግጋጽ ምርምር ሓደስቲ መድሓኒታት (Clinical trails) ፈተነታት እንዳተኻየዱ ይርከቡ።ሓለዋ ጥዕና -ሲያትልን ኪንግ ካውንቲን ምስ ክፍለ-ግዝኣት ዋሽንግተን ክፍሊ ኣገልግሎት ጥዕና ብዛዕባ ኣብ ምዝርጋሕ ክታበት እንዳሰርሑ ይርከቡ።

- ናይ መጀመርታ ቀረብ ክታበት ዉሱን ኮይኑ መጀመርታ ዝወሃብ ንዉሱናት ሰባት ኣብ ልዑል ሓደጋ ዘለዉ፡ ከም ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ጥዕና ከምኡ’ውን ኣብ ነርሲንግ ሆምን፡ ኣብ ናይ ነዊሒ ጊዜ ክንክንን ዝወሃበሉ ቦታ ዘለዉ ይኾውን።
- ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19) ክሳብ 2021 ብብዝሒ ኣይክህሉን ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ነብሲ-ወከፍ ክታበት ዝደሊ ሰብ ክረክብ ኢዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ዕድመ ደረጃ ዘለዉ ሰባት ክታበት ክረኽቡ ኢዮም።
- ክታበት ብብዝሒ ምስተረኽበ፡ክሊኒካት ኣገልግሎት ጥዕና፡ ፋርማሲታት፡ ከምኡ’ውን ብማኪና ንዝመጽኡን (ድራይቭ-ስሩን)፡ ብእግሮም ንዝመጽኡን (ዋክ-ስሩን) ክሊኒካት ኣገልግሎት ክታበት ክህባ ይኽእላ ኢየን።
- ክታበት ኮቪድ (COVID) ብመዲኬር፡ መዲከይድ፡ ከምኡ’ውን መብዛሕትአን ናይ ዉልቂ ኢንሹራንስ ክሸፈን’ዩ ከምኡ’ውን ኢንሹራንስ ንዘይብሎም እቲ ናይ ክታበት ዋጋ ክሸፈነሎም ኢዩ። ክታበት ብብዝሒ ምስተረኽበ ህዝባዊ ጥዕና ናጻ ናይ ክታበት ክሊኒካት ክህልዉዎ ኢዮም።
- ድሕነት ናይቶም ክታበታት ቀዳምነት ኢዩ። ኩሎም ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) ክታበታት ቅድሚ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሎም ብጽኑዕን ብብዙሕ ደረጃታት ፈተነ፡ ገምጋም ከምኡ’ውን መስርሕ ምጽዳቕን ክሓልፉ ኣለዎም። መረጋገጺ ዝረኽቡ ድማ ናይ ምሕደራ መግብን ድራግን (FDA) ናይ ድሕነትን ብቑዓትን ደረጃታት ምስዝሓልፉ ኢዩ። ክታበት ምስተዋህበ ንድሕነት ተባሂሉ ምቁጽጻር ክግበረሉ ኢዩ።
- ዉሑስን ውጽኢታውን ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 እቲ ዝዓበየ ምዕባለ ኢዩ። እንተኾነ ግን ክታበት ጥራሕ በይኑ ነቲ ለብዒ ብኡንብኡ ከጥፍኦ’ዩ ማለት ኣይኮነን።
- ዋላ ድሕሪ ክታበት ምኽታብውን ነቲ ለብዒ ንምክልኻል (ጠጠው ንምባል) ነብሲ-ወከፍ ሰብ ነቶም እዋናዊ ዝኾኑ መምርሒታት ምስዓብ ንነብሶምን ንኻልኦትን ንምክልኻል ግድን ይኸውን፡ ዋላውን ተኸቲቦም እንተኾኑ። እዚ እንተላይ ማስክ ምግባር፡ ካብ ካልኦት እንተወሓደ 6 ፊት ምርሓቕ፡ ናብ ደገ ዝግበር ምንቅስቓስ ምውሓድ፡ ምስ ብዙሓት ሰባት ዘይምርኻብን፡ ኣዘውቲርካ ኢድካ ምሕጻብ፡ ናይ ማእከላት ምክልኻልን ምቁጽጻርን ሕማማት (CDC) መምርሒ ንመገሻ ምስዓብ፡ ከምኡ’ውን ኮቪድ-19 (COVID-19) ምስዝሓዞ ሰብ ቀሪብኩም እንተኔርኩም ናይ ዉሸባ መምርሒታት ምስዓብ።

## ናይ ግዜ መስመር

ምሕደራ መግብን ድራግን (FDA) ድሕሪ ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19) ምጽዳቑ፡ ቅድሚ 2020 ምውድኡ ብዉሱን መጠን ክህሉ ኢዩ፡ እንተኾነ ግን ክሳብ 2021 ብብዝሒ ኣይክህሉን ኢዩ። ናይ ግዜ መስመር (timeline) መዓስ እቲ ክታበት ኣብ ጥቕሚ ከምዝውዕል ኣብ ብዝሒ እቲ ናብ ግዝኣት ዋሽንግተን ድሓር ድማ ናብ ኪንግ ካውንቲ ዝለኣኽ ክታበት ይምርኮስ።

## ቀረብ ናይ መጀመርታ ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19) ዉሱን ኮይኑ ቀዳምነታት ክህልዎ ኢዩ

- ኣብ መወዳእታ ክታበት ዝደለየ ሰብ ክረክብ ኢዩ፡ ኮይኑ ግን፡ እቲ ክታበት ኣብ መጀመርታ ኣብ ዝህልወሉ እዋን ዉሱን ቀረብ ክህሉ ኢዩ። ክታበት መጀመርታ ንዝተወሰኑ ሰባት ኣብ ልዑል ሓደጋ ምትሓዝ ኮቪድ-19 (COVID-19) ወይ ድማ ብኮቪድ-19 (COVID-19) ዝተለኽፉ ሕዱር ሕማም ንዘለዎም ከም ሰራሕተኛታት ጥዕና ፡ ናይ ዕድመ ሰብ-ጸጋ ኣብ ነርሲንግ ሆም ወይ ድማ ኣሲስተድ ሊቪንግ ዘለዉ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ኣገደስቲ ሰራሕተኛታታ ክወሃብ ኢዩ።
- ክኢላታት ሕክምናን ህዝባዊ ጥዕናን [National Academies of Science, Engineering, and Medicine and the Advisory Committee on Immunization Practices (ACIP)] ነቲ ዉሱን ቀረብ ክታበት ብኸመይ ቀዳምነታት ከምዝሰርዕሉ ንማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማም (CDC) ምኽሪ ክህቡ ኢዮም።
- ክፍሊ ሓለዋ ጥዕና ግዝኣት ዋሽንግተን ካብዞም ጕጅለ ክኢላታትን ካብ ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማምን (CDC) ብዛዕባ ምምዕባል ዓንዲ-ዝርግሐ ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19) ንክፍለ-ግዝኣትና መምርሒ ክጥቀም ኢዩ። እዚ ዓንዲ-ዝርግሐ (framework) እቲ ክታበት ብኸመይ ቀዳምነታት ከምዝህልዎን ብኸመይ ከምዝወሃብን ዝርዝር መምርሒ ክህልዎ ኢዩ።

## ክታበት ክረኽባ ትጽቢት ዝግበረለን ቦታታት

እቲ ክታበት ንህዝቢ ቀሩብ ኣብ ዝኾነሉ እዋን :ክታበት ኣብ ክሊኒካት ጥዕናን ፋርማሲታትን ክርከብ ይኽእል ኢዩ። ክታበት ኣብ ድራይቭ-ስሩ ዋክ-ኣፕ ናይ ክታበት ፍጻመታት (ከም ማእከል ሕብረተሰብ፡ቤትትምህርቲ ወይ ድማ ኣብያተ-እምነት) ክወሃብ ይኽእል’ዩ። ኩለን ማእከላት ክታበት ተወሳኺ ናይ ድሕነት ስጉምቲታት ንኮቪድ-19 (COVID-19) ክወስዳ ኢየን፡ እንተላይ ማሕበራዊ ምርሕሓቕ፡ መሳርሒ መከላኸሊ ነብስኻ (PPE)፡ ከምኡውን ተወሳኺ ናይ ጽሬት ስጉምቲታት።

## ዋጋ ናይ ክታበት

- ክታበት ኮቪድ ብመዲኬር፡ ብመዲከይድ ከምኡ’ውን ብመብዛሕትአን ዉልቃዊ ኢንሹራንሳት ይሽፈን፡ ከምኡ’ውን ነቶም ኢንሹራንስ ዘይብሎም ዋጋ ናይቲ ክታበት ክሽፈነሎም ኢዩ። ካብ ጁባኻ ዝኸፈል ትሑት ውጽኢት (copay) ወይ ድማ ናይ ኦፊስ ቪዝት (office visit) ክህሉ ይኽእል’ዩ፡ ክፍሊት ኣብ መደብ ኢንሹራንስካ ወይ እቲ ክታበት ዝህበካ ዶክተርን ይምርኮስ።
- ሓለዋ ጥዕና ቀረብ ክታበታት ምስተረኽበ ብናጻ ናይ ክታበት ክሊኒካት ዝርከበሉ ዕድላት መደብ እንዳ ኣውጽአ ይርከብ።

## ድሕነት ክታበት ቀጻምነት ኢዩ +

ክታበታት ደረጃ ድሕነቶምን ብቕዓቶምን ዝሓለዉ ምኺኖም ንምርግጋጽ ሓለዋ ይግበረሎም። : ብተወሳኺ፤

- **ምርምር ሓደስቲ መድሓኒታት (Clinical trials):**

  ክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19) ብጽኑዕ ምርመራዊ ፈተነታት ዝሓልፍ ኮይኑ ብዙሓት ኣሽሓት ናይ'ቲ መጽናዕቲ ተሳተፍቲ: ነቲ ክታበት ከቕበሉ ኢዮም። ምሕደራ መግብን ድራግን (FDA) ድሕነትን ውጺታውነትን ናይ ነብሲ-ወከፍ ክታበት ንምውሳን ካብ'ዞም መጽናዕትታት ዝተረኽበ ሳይንሳዊ ሓበሬታ (ዳታ) ይግምግም። ምሕደራ መግብን ድራግን (FDA) ኣብ ትንተናን ምኽርን ካብዚ ወጻኢ ዝኾኑ ናጻ ሊቃውንቲ (Scientists) ከምኡ'ውን ፖጅስ ከኢላታት ኣማኽርቲ: ኮሚቴ ኣማኽርቲ ክታበታትን ዝተተሓሓዙ ባዮሎጂካዊ ዉጽኢታትን (VRBPAC) ይተኣማመን። ኣኼባታት ኮሚቴ ኣማኽርተ ክታበታትን ዝተተሓሓዙ ባዮሎጂካዊ ዉጽኢታትን (VRBPAC) ንህዝቢ ክፉታት ኢዮም።

  እቲ ክታበት ናይ ፈደራል ምሕደራ መግብን ድራግን (FDA) ናይ ድሕነትን ውጺታውነትን መዐቀኒታት እንተደኣ ኣማሊኡ ፈደራል ምሕደራ መግብን ድራግን (FDA) ነቲ ክታበት ኣብ ሃገረ ኣሜሪካ (ዩ.ኤስ) ብወግዓዊ ፍቓድ ዘለዎም ትካላት (traditional licensure)

  ወይ ብናይ ህጹጽ እዋን ኣጠቓቕማ ዉሳኔታት (emergency use authorization) ኣብ ጥቕሚ ከምዝውዕል ይገብር።

  ድሕሪ ዉሳኔ ፈደራል ምሕደራ መግብን ድራግን (FDA): ካልኣይ ናጻ ዝኾነ ኣማኻሪ ኣካል ክኢላታት ኢሙኑዘሽን: ኮሚቴ ኣማኽርተ ኢሙኑዘሽን ልምድታት (ACIP) ንድሕነትን ብቕዓትን ናይቲ ክታበት ዳታ ይግምግሙ። ከምኡ'ውን ንማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት (CDC) ምኽሪ ይሀቡ ከምኡ'ውን ንወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕናን ንህዝብን ብዛዕባ ጥቕሚ እቲ ክታበት መምርሒ ይህቡ።

- **ምቁጽጻር ድሕነት ክታበት (Vaccine Safety Monitoring)፤**

  ዝኾነ ክታበት ኣብ ጥቕሚ ከውዕል ድሕሪ ምፍቃዱ:እንተላይ ናይ ኮቪድ (COVID) ክታበታት: ከጋጥሙ ንዝኽእሉ ጎድናዊ ሳዕቤናት ንምዕዛብ ብዙሕ ናይ ድሕነት መቆጻጸሪ ሜላታት ኣብ ቦትኦም ይርከቡ። እንተደኣ ትጽቢት ዘይተገብረሉ ብርቱዕ ጎድናዊ ሳዕቤን ተረኺቡ ኪላታት ብዝተኻእለ መጠን ብሓቂ ንጥዕና ሃሳዪ ምኺኑ ንምውሳን ይሰርሑ። እዚ ድማ ከም ቀጻሊ ገምጋም ድሕነት ድሕሪ መርመራ ሓደስቲ መድሃኒታት
  (clinical trails) ምውድኦም ይኸውን። ንክታበት ኮቪድ-19 (COVID-19): ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት (CDC) ንፈደራል ምሕደራ መግብን ድራግን (FDA) ናይ ድሕነት መቆጻጸሪ ሜላታት ብምዝርጋሕ ድሕነት ኣብ እዋኑ ንምግምጋምን ከምኡ'ውን ናይ ኮቪድ-19 (COVID-19) ክታበታት ብዝተኻእለ መጠን ዉሑሳት ንምግባር ይሰርሕ።

- **ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ድሕነት ክታበት ኮቪድ (COVID)**

  ብእንግሊዝኛ (English): https://www.cdc.gov/coronavirus/2019-ncov/vaccines/safety.html

- **ፍቓድ ዘለዎምን ዝሰልጠኑን ሰብ- ሞያ ጥራሕ ኢዮም ነቲ ክታበት ዝህቡ።**

  ፍቓድ ዘለዎምን ነቲ ክታበት ከመሓድሩ ዝሰልጠኑን ዉልቀ-ሰባት ጥራሕ ኢዮም ነቲ ክታበት ክህቡ ዝኽእሉ። ሓንሳብ እቲ ክታበት ብብዝሒ ነቲ ሕብረተሰብ ዝኾውን ምስተረኽበ ዝተፋላለዩ ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ነቲ ክታበት ክህቡ ኢዮም እዚ ድማ ነቶም ክታበት ክረኽቡ ዝደልዩ ሰባት ብቐሊሉ ይባጻሕ። እዞም ወሃብቲ ነቲ ክታበት ኣብ ክሊኒካትን ሆስፒታላትን ከምኡ'ውን ብብዝሒ ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣብ ተንቀሳቓሲ ወይ ድማ ንግዚኡ ዝኽፈቱ (pop-up) ኣጋጣሚታት ክህቡ ይኽእሉ።

## ብዛዕባ ኮቪድ-19 (COVID-19) ክታበት ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

## ንዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮቪድ-19

- ሓለዋ ጥዕና ክፈለ-ግዝኣት ዋሽንግተን ኮቪድ-19 ክታበት ወብፐጅ
- ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት (CDC) ኮቪድ-19 ክታበታት ወብፐጅ ( ናይ ኮምፒተር ሊንክ)
- ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት (CDC) ብዛዕባ መደብ ክታበት ክፍለጡ ዘሎዎም 8 ነገራት

☐ **Link/share our site at www.kingcounty.gov/covid/vaccine/tigrinya**

Last Updated December 22, 2020